# ሓዘን ኪወጸለይ

ሳንዳይ  አባኺያኒ
ፈታውየይ ሞይቱኒ
ትርኣሱ  ሳዕሪ-ሳዕሮ
ሞይቱ  አብ  እግሪ ዳዕሮ
      ኡይ!  'ንተበልኩ  በይነይ
      መን'ሞ አርክበለይ?

ትኸስ ኢሉ ደቀሰ፣
'ካብኣ  ነይተመልሰ
ስኣን ዘባኸየኒ
ውኖይ ጠፊኡኒ፣
      ትርኣሱ  ሳዕሪ-ሳዕሮ
      ሞይቱ አብ እግሪ ዳዕሮ!

ርእሰይን ነጼኹ፣
ኡይ!  ኢለ  ፋጼኹ
አብ በረኻ በይነይ
መን'ሞ አርክበለይ?
       ፈታውየይ ሞይቱኒ
       ሳንዳይ  ኣባኺያኒ!

ዳስ ትኸሉለይ፣
ርእሰይ ላጽዩለይ፣
ልበይ  ተመኽኢኹ
ኣብ ሓዘን ሓጊኹ፣
        ሐዘን ኪወጸለይ
        ሕጹይ  ድለዩለይ።

እሞ አዕይንቱ  ፍሩይ
ደርጊ ስኑ ጽሩይ
ጓሂ  ኪኸደለይ
ምሩጽ  አምጽኡለይ
        ንኸርስዐኒ
        ቶሎ  አምርዕዉኒ!

ገ/ኢ. ጐርፉ።